# ምምዕባል ስነ ልቦናዊ ድሕንነትን ማሕበራዊ ዕብየትን ህፃናት

**ትሕዝቶ**


**ርእሲ** *ገፅ*

ሓፈሻዊ መምርሒ እዚ ስልጠና.....1

ዝርዝር ዕላማታት እዚ ስልጠና፡.....3

**ክፋል ሓደ፡ ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት.....**4

ህፃናት ማሕበራዊነት ከመይ ይመሃሩ? .....5

ቁልፊ መልእኽትታት.....12

ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት ንምጉልባት እድገት ወለዲ እንታይ ክገብሩ ይግባእ?.....12

ቁልፊ መልእኽትታት.....16

**ክፋል ክልተ፡ ምጉልባት ደሕንነትን ስነልቦናውን (ኣእምሮዊ ስምዒት) ህፃናት** .....17

ቁልፍ መልእኽትታ 22

ስነልቦናዊ ደሕንነት (ኣእምሮዊ ስምዒት) ህፃናት ከመይ ምጉልባት ይከኣል?.....22

ቁልፍ መልእኽትታት.....25

መግለፂ ስምዒት ቁጣዐ ህፃናት .....25

ወለዲ ቁጣዐ ህፃናት ንምቅናስ ዝስዕቡ ተግባራ ምግባር ይግብኦም ..... **Error! Bookmark not defined.**

ህፃናት ብባዕሎም ምትእምማንን ንባዕሎም ዓብዪ ግምትምሃብን ከማዕብሉ ወለዲ እንታይ ምግባር ይኽእሉ?.....29

# ሓፈሻዊ መምርሒ ስልጠና ማኑዋል

**ዕላማ እዚ ስልጠና**፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ስልጠና ወለዲ/መዕበይቲ ማሕበራዊ ዕብየትን ስነልቦናዊ ደሕንነትን ህፃናት ከመይ ከምዘባዕብሉ ይርድኡ።

**ተሳተፍቲ ስልጠና**

ኣብዚ ስልጠና ዝሳተፉ ኣካላት መምህራን፣ ንምሕብሓብ ህፃናት ምስዚ ትካል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፤ ከምኡውን ወለድን መዕበይትን እዮም።

**ፅብረቓ ስልጠና ዝሓለፈ መዓልቲ**

ሕድሕድ ሰልጣኒ ዝሰልጠኖን ዝተምሃሮን ንኽዝክሮን ክርደኦን ኣብ መጀመርታ ሕድሕድ ስልጠና ክልተ ተሳተፍቲ ቁምነገር ስልጠና ሕሉፍ መዓልቲ ፅብረቓ ከቕርቡ ምሕታት ፤ንኣብነት፡-

1. ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያየጥናሎም ነገራት እንታይ እንታይ ነይሮም?
2. ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያየጥናሎም ርእሲ ዋኒናት ኣብ ገዝኦም ምስ ህፃናት እንታይ ሰሪሕኹም? ዘጋጠመኩም ፀገማት ነይሮም ዶ?
3. ዝሓለፈ ትምህርቲ ንጎረባብትኹም ኣካፊልኩም ዶ?

**ተፍትሽ ቅድመን ድህረን ስልጠና**

ዝሓለፈ ስልጠና ንምዝካር ካብ ዝትግበሩ ተግባራት ቀፂሉ ናይቲ ዕለት ስልጠና ቅድሚ ምጅማሮም ንተሳተፍቲ ተፍትሽ ቅድመ-ስልጠና ይወሃቦም ። ኣብቲ ስልጠና ዝረኸብዎ ፍልጠት ንምግምጋም ድማ ተፍትሽ ድህረ-ስልጠና ኣብ ሕድሕዱ ስልጠና መወዳእታ ይወሃብ።

**ሓፈሻዊ ደንብታት ስልጠና፤**

ኣብ መጀመርታ መዓልቲ እቲ ስልጠና ዝስዕቡ ሕግታት ስልጠና ንተሳተፍቲ የፋልጡ

- ኣቀማምጣ ስልጠንቲ ብቅርፂ ሀ´ ምዃኑ ከም ዝምረፅ ምግላፅ
- መመያየጥን ተሳተፍትን ምፍላጥ ምክያድ
- ሰዓት ምኽባር
- ኣብ እዋን ስልጠና ሞባይል ድምፂ ዘይብሉ ምግባር
- ኣብ ኩሎም ክፍለ ግዘታት ስልጠና ምርካብ

- ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር
- ሓሳባት ካልኦት ሰልጠንቲ ምኽባር
- **ምርጫ መዘኻኸሪ፡** ኣብ ሕድሕድ ዕለት መጀመርታ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ዝሰልጠንዎ ቁምነገር ብዝምልከት ንተሳተፍቲ ንምዝኽኻር ሕፅር ዝበለ መብርሂ ዘቕርቡ ክልተ ተሳተፍቲ ምምራፅ፡ መቕረቢ ግዘ 5 ደቓይቕ ምውሳን
- ስልጠና ቦታ ምምችቻው -ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ መጀመርታ ን1 ደቓይቕ ዝኣክል መተሓባበርቲ ስልጠና ነቲ ስልጠና ቦታ ምችዊ ምግባር
- ሰዓት ተቆፃፃሪ ምምራፅ

**ዘድልዩ ናውቲ**

- ብደረጃ ህፃናት ዕድመ ዝተዳለዉ ዛንታት ወይ መፅሓፍቲ ዛንታትን ስእልታት
- ኤል ሲ ዲ ፕሮጀክተርን ኮምፒውተርን (እንተተኻኢሉ)
- ፅሩይ መፅሓፊ ሰሌዳ / ፍሊፕ ቻርት
- ማርከር
- እስክርቢቶን ማስታወሻን
- በራሪ ፅሑፋት

እዚ ስልጠና ብዛዕባ ማሕበራዊ ዕብየትን ስነልቦናዊ ደሕንነት ህፃናት ከመይ ምምዕባል ከምዝከኣል መሰረታዊ ዝርዝር ዝኾኑ መረዳእታት የረድእ።

<u>**መርሃ-ግብሪ**</u>

| ትሕዝቶ | ሜላ ኣመሃህራ | ሰዓት |
|---|---|---|
| ተፍትሽ ቅድመ-ስልጠና | ሕቶ ወረቓቕቲ ምዕዳል | 15 ደቒቓ |
| ዕለማ እዚ ስልጠና | ምንባብን ምምይያጥን | 2 ደቒቓ |
| ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት | ሕቶ ፣መልሰን ገለፃን | 40 ደቒቓ ቒቃ |
| ስነ ልቦናዊ ደሕንነት (ኣእምሮዊ ስምዒት) ህፃናት | ሕቶ ፣መልሰን ገለፃን | 40 ደቒቓ |
| ወለዲ ክገብርዎም ዝኽእልዎም ነገራት | ምንባብን ምምይያጥን | 10 ደቒቓ |
| ቁልፊ መልእኽትታት | ምንባብን ምምይያጥን | 10 ደቒቓ |
| ተፍታሽ ድህረ-ስልጠና | ሕቶ ወረቓቕቲ ምዕዳል | 15 ደቒቓ |

**ዝርዝር ዕለማታት ስልጠና፡**

ኣብ መወዳእታ እዚ ስልጠና ተሳተፍቲ ወለዲ

- እንታይነት ማሕበራዊ/ ዕብየት ይርድኡ
- ማሕ/በራዊ ዕብየት ህፃናት ንምምዕባል ዘኽእሉም ኣማራፂታት ይፈልጡ።
- መግለፅታት/ እንታይነት ስነልቦናዊ ደሕንነት ህፃናት (ኣእምሮዊ ስምዒት ድሕንነት) ይርድኡ
- ህፃናት ደቆም ኣእምሮዊ ስምዒት ፅቡቕ ክኸውን ምግባር ዘለዎም ተግባራት ይፈልዩ።

# ክፋል ሓደ፡ ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት

**መመያየጢ መሳለጥቲ/ባዕልኹም**

ሎሚ ዋኒን መመያየጢ ርእስና ብዛዕባ ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት ዝጥምት/ከመዝጥምት ንተሳተፍቲ ይንገርዎም። ንመበገሲ ዝኸውን ዝስዕቡ ሕቶታት ድማ ይሕተትዎም፤

ካብ ውልቀ ተሞክሮኦምን ወይ ኣብ ካልኦት ብዛዕባ ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት ዝተዓዘብዎ ክዛረቡ የተባብዕዎም።

**መበገሲ ሕቶታት**

1. ህፃናት ምስ መን ምዃን ይፈትው/?

ሀ) ንበይኖም

ለ) ምስ ካልኦት ህፃናት

ሐ) ምስ ኣባፅሕ

2. ህፃናት በይኖም ወይ ምስ ካልኦት እንትኾኑ እንታይ ኣፈላላይ ኣለዎ?

## ምይይጥ1. ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት እንታይ እዩ?

ህፃናት ምስ ሓደ ሰብ ወይ ካልኦት ሰባት ዝህልዎም ርክብ ወይ መስተጋብር ማሕበራዊ ህይወት ይበሃል። ህፃናት ምስ ካልኦት ሰባት ብግቡእ ኩነታት ንኽራኸቡ ከመይ ምቕራብ ከምዝኽእሉ ዝመሃርሉ ከይዲ ማሕበራዊ ዕብየት ይበሃል። እዚ ከመይ ከምዝትግበር ክመሃሩ ኣለዎም። ማሕበራዊ ዕብየት ካብ ግዘ ሕንጦይነቶም ጀሚሩ ንምምምዕባል ይሕግዝ። ህፃናት እናዓበዩ እንትኸዱ ዝበለፀ ማሕበራዊ ርክብ ከማዕብሉን ክፈጥሩን ትፅቢት ይግበር። ህፃናት ዝዓብይሉ ኩነታትን ምስ ካልኦት ሰባት ዝህልዎም ርክብ ኣካል መንነቶም እዩ።

**መመያየጢ/መሳለጥቲ/**

ባዕልኹምም ህፃናት ከመይ ማህበራዊ ርክር ከምዝመሃሩ ይሕተትዎም።ዝህብዎ መልሲ ኣብ ሰሌዳ ፀሓፍዎ።

## ማሕበራዊ ርክብ ህፃናት ከመይ ይመሃሩ?

- ካብ ሕንጦይነት ምስ ኣዲኦም ብዝህሉ ርክብ
- ብምርኣይ /ካልኦት ብምዕዛብ
  - ካብ ወለዶም፤ካብ ስድራ
  - ካብ ከምግዚታቶም/ካብ መዕበይቶም
  - ካልኦት ህፃናት/ካብ ካልኦት ህፃናት

**መመያየጢ/መሳለጥቲ/**

ኣብ መንጎ ኣደን ህፃንን ዝህሉ ርክብ ንቐፃሊ ማሕበራዊ ህይወት ህፃናት ወሳኒ እዩ።

ብግቡእ ፍቕሪ ዝህቡ፣ ዝምግቡ ከምኡውን ከም ዕድመ ህፃናት ብግቡእ ሓደ ዓይነት ዝኾነ ፍቕሪ ብምልጋስ ዘዕብዩ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ዘዕብዩዎም ህፃናት ብዓርሶም ዝተኣማመኑ፣ ምስ ኻልኦም ዝቐርቡ፣ ድሕንነቶም ዝተሓለወ ህፃናት ኮይኖም ይዓብዩ። ብፍቕሪ ስድራ ዝዓበዩ፣ ብማሕበራዊ ህይወቶም ዘሐጉስ ክብሪ ዝረኸቡ፣ ንቀፃሊ መሪሕነት ተስፋ ዘለዎም፣ ደገፍን ክትትልን ዝረኸቡ ህፃናት ገና ካብ ሕንጦይነት ዘመኖም ንኻልኦት ምሕብሓብ፣ ብዓርሶምዝተኣማመኑን ምስ ኩነታት ብቐሊሉ ዝለማመዱን ይኾኑ።

**መመያየጢመሳለጥቲ/**

ህፃናት ካብ ዝተወለዱ ግዘ ጀሚሩ ክሳብ ማእከላይ ዕድመ ህፃንነቶም ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ርክብ ይፈጥሩ እዮም። ወለዲ ወይ መዕበይቶም ህፃናት ኣብ ዝተፈላዩ ኣጋጣሚታት ምስ ካልኦት ኣብ ዝነብሮም ርክብ እንትሕጎሱ፣እንትሓዝኑ ወይ እንትግረሙ/እንትድነቁ ዝህብዎ መልሲ ብዝምልከት ይመሃሩ። ቀስ ብቐስ ዝተዓዘብዎም ኣምሲሎም ምትግባር ይጅምሩ።

ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝርከቡ ካልኦት ምፅዋት፣ ካልኦት እንትፃወቱ ምርኣይን መሓዙት ምፍራይን ይመሃሩ። ብቀፃልነት ህፃናት ምስ ካልኦት ብቀሊሉ ዝራኸብዎም ሰባት ምቅራብን ምርድዳእን ይኽእሉ።

ህፃናት ካብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዕድመ ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ዝተፈላለዩ ስነ ምግባር የርእዩ። ንኣብነት፡- ካብ ውልደት ግዘ ጀሚሩ ዝበዝሕ መጀመርታ ዓመት ማህበራዊ ርክባቶም ብኣብዝሓ ምስ መዕበይቶም ዝተኣሳሰሩ እዮም። ህፃናት ዕድመኦም እናዓበየ እንትመፅ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ይረኽቡ። ስለዚውን እዩ ህፃናት ካብ ወለዶም ብዝወሃም ትምህርቲ ከምኡውን ኣብ ከይዲ ምስ ካልኦት እንትኾኑ ተሞክሮን ብሓድሽ ፍልጠትን ማህበራዊ ርክብን ዘማዕብሉ።

## ምስትምሃር ማሕበራዊ ህይወት ህፃናት

- ወለዲ ናይ ህፃናት ቀፃሊ ማሕበራዊ ዕብየት ንምውሳን ልዑል ግደ ኣለዎም።

**መመያየጢመሳለጥቲ/**

ህፃናት ኣብ ውሽጢ መዓልታዊ ህይወቶም ዝጠቕሞም ክእለት ማህበራዊ ማለትውን ምክፋል ሓላፍነት፣ንኻልኦት ምሕጋዝ፣ ምስ ካልኦት ብሓባር ምንባር፣ ምስካልኦት እንትኸውኑ ባዕልኻ ምሕላውን ምምሃርን ግቡእ እዩ። ዝበዝሕ ግዘ ህፃናት ነዚ ዝመሃርዎ ኣባፅሕ ብምዕዛብ እዩ። ስለዚ ወለዲ ምርትታዕ፣ ደገፍን ክትትልን ጥራሕ ዘይኮነስ መርኣያነት ኣድላዪ እዩ። ህፃናት ምስ ካልኦት ሰባት እንትራኸቡ ብግቡእ ኩነታት ከመይ ምቕራብ ከም ዘለዎም ክመሃሩ ኣለዎም። ወለዲ ወይ ሞግዚታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ምስ ካሊእ ሰብ ኣብ ዝኾኑሉ ግዘ ዘርእይዎ ባህርይ ብምርኣይ ህፃናት ይመሃሩ፡፡፡

## ፀወታን ማሕበራዊ ዕብየትን

- ፀወታን ባህርይን ካልኦት ህፃናት ንምፍላጥን ማሕበራዊ ርክብን ንምምዕባል ጠቓሚ እዩ፡፡

*መመያየጢ፡ መሳለጥቲ/*

ፀወታ ህፃናት ካልኦት ህፃናትን ኣባፅሕን ጠባይ ክፈልጡ ይሕግዝ፡፡ በዚ ዓይነት ህፃናት ብዛዕባ ዝህልዎም ከባቢ ምስ ካልኦት ምፅዋት ፣ካልኦት እንትፃወቱ ምርኣይን መሓዙት ምፍራይን ይመሃሩ፡፡ ብቀፃልነት ህፃናት ምስ ካልኦት ሰባት ብቐሊሉ ዝራኸቡን ክቀራረቡን መልሲ ምሃብ ይኽእሉ፡፡

ፀወታን ምሕዝነትን ህፃናት ምስ ካልኦት ብዝህልዎም ርክብ ምሃብን ምቕባልን የምህሩ፡፡ እዚ ዓይነት ጠባይ ህፃናት እንትዓብዩ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰባቶም ኣበርክቶ ዝገብሩ ውፅኢታዊ ኣባፅሕ ክኾኑ የኽእሎም፡፡

*መመያየጢ መሳለጥቲ/*

ዝስዕቡ መጠቓለሊ ንተሳተፍቲ የንብቡሎም

ህፃናት ምስ ካልኦት ዝገብርዎም ዝርርብ ወይ ዘሕልፍዎ ግዘ፣ ዝዛረብዎ ወይ ዘርእይዎ ምንቅስቃስ ንኻልኦት ሰባት ትርጉም ኣለዎ፡፡ ብተመሳሳሊ ምስልታት ሰባት ንህፃናት ዝዛረቡ፤ ዝረኣይዎ ተግባር ብምንቅስቃስ ወይ ምስ ህፃናት ዘሕልፍዎ ግዘ ንህፃናት ትርጉም ኣለዎ፡፡ ህፃናት ካብ ካልኦት ዝረኣይዎ ብምምሳል ማህበራዊ ዕብየቶም መህነፂ ይገብርዎ፤ በዚ ዓይነት ህፃናት ካብ ቅድሚ ኩሎም ወለዲ ወይ መዕበይቶም ብምርኣይ ማህበራዊ ክእለት (ከመይ ካልኦት ምቅራብ ከምዘለዎም) ይመሃሩ፡፡

# ተግባራዊ ልምምድ ጉጅለ ዕዮ

**መመያየጢ፡መሳለጥቲ/**

ንሓደ ፍቃደኛ ተሳታፊ ነቲ ዛንታ ከንብቡ ይሕተትዎም፡፡

**መግለፂ ዛንታ/ነበረያ ነበረ ጉጅለ ዕዮ**

## ኣበራ፣ ማሞን ከበደን

አበራ፣ ማሞን ከበደን ኣብ ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ሓቢሮም ዝመሃሩ ጎረባብትን ደቂ ክፍልን እዮም፡፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱን ካብ ቤት ትምህርቲ ዝምለሱን ባደ እዮም፡፡ ሰለስቲኦም ሓደ መዓልቲ ደንጉዮም ናብ ክፍሎም በፅሑ፡፡

ናብ ክፍሊ እንትኣተዉ ክልተ መናብር ጥራሕ ተምሃሮ ዘይተቐመጡለን ዝነበራ፡፡ ኣበራ ብቅልጡፍ ኣብቲ ሓደ መንበር ኮፍ እንትብል ማሞ ድማ ቅልጥፍ ኢሉ ኣብቲ ካልኣየ መንበር ተቐመጠ፡፡ ከበደ ግና ምንም መቐመጢ ኣይረኸበን፡፡ ከበደ ናብ ኣበራ ብምኻድ ክፅገዐሉ ሓተቶ፡፡ ኣበራ ግና ‹**ኣይኾንን፡፡ ካሊእ ቦታ ድለ**› ብማለት ንመሓዝኡ ከበደ ኣብ መንበሩ ኣፀጊዑ ንምቅማጥ ፍቃደኛ ከይኮነ ተረፈ፡፡ ከበደ ቀፂሉ ናብ ማሞ ከይዱ ኣብ መንበሩ ክቐምጦ ሓተቶ፡፡ ማሞ ድማ ብፍሸክታ ‹**ከቤ ንዓ ሓቢርና ንቀመጥ ፡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ካልእ መንበር ሰለዘየለ ሓቢርና ንቀመጥ በሎ፡፡**

**መመያየጢ፡መሳለጥቲ/** ካብዚ ንታሕቲ ዝተቐመጡ ሕቶታት ተሳተፍቲ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ብምምቃል ክመያየጡ ይግበሩ፡፡ ድሕሪ ምይይጥ ብጉጅለ ተወካሊ ኣቢሉ ሓሳባቶም ክህቡ ይግበሩ፡፡

**መመያየጢ ሕቶታት**

1. ከበደ መንበር ከፀገዖ ንኣበራ እንትሓቶ ብዛዕባ ባዕሉ እንታይ ዝተሰመዖ ይመስለኩም?
2. ኣበራ ብዛዕባ ከበደ እንታይ ዝስመዖ ይመስለኩም?

3. ከበደ ኣብ መቐመጢ መንበር ከፀገዖ ንማሞ እንትሓቶ ማሞ ብዛዕባ ባዕሉ እንታይ ዝሓስብ ይመስለኩም?

4. ማሞ ብዛዕባ ከበደ ዝሓስቦ እንታይ ይመስለኩም?

5. ኣበራ ፍቃደኛ ብዘይ ምኧኑ ከበደ እንታይ ዝተሰመዖ ይመስለኩም?

6. ከበደ ኣብ ዝቅፅል ግዘ ምስ ኣበራ እንትራኽቡ እንታይ ዓይነት ኩነታተ ዘርእዩ ይመስለኩም?

**መመያየጢ/መሳለጥቲ/**

ኩሎም ተሳተፍቲ ብሓደ ክኾኑ ይግበሩ። ናይ ሕድሕድ ጉጅለ ፀሓፊ ኣቀዲሞም ዝቐረቡ ሽዱሽተ ሕቶታት ብዝምልከት ንናይ ጉጅለኡ ርኢቶ ኣብ 3 ደቒቕ ከቅርቡ ይግባእ።ተወከልቲ ጉጅለ ርኢቶ ድሕሪ ምቅራቦም ዝተወሰኑ ሰባት ብዛዕባ ዘቕረብዎም ሓሳባት ርኢቶታቶም ክህቡ ሕቶ ክሓቱ ዕድል ምሃብ የድሊ።

ቁልፊ መልእኽትታት ቀዲሞም ከንብብዎን ብዘንበብዎ መሰረት ንተሳተፍቲ ግብረ መልሲ ይሃቡ። ካብ ላዕሊ ንዝተቐመጠ ሕቶታት ካብቲ ዛንታ ብምምርኧዝ ንቶም ትኽክለኛታት ግብረ መልስታት ምስዞም ዝስዕቡ ተመሳሳሊ ምኧን ኣለዎም፡

1. ኣበራ ምግሃስ መሰሉ ከም ዝተስመዖን መሰሉ ንምኽባር ከም ዝወሰነ ስራሕቱ የመላኽቱ።
2. ከበደ ንብረቱ (መንበሩ) ክቋራቖሶ ዝደለየን ከምዝኾነ ዝሓሰሰበ ይመስል።
3. ቦታ ዝሰኣነ መሓዛኡ ቦታ ምምቃል ከምዝግባኦ ዝሓሰበ ይመስል።
4. መሓዛይ ቦታ ሲኢኑ ተፀጊሙ፤ መሓዛይ ናተይ ሓገዝ የድልዮ ኢሉ ዝሓሰበ ይመስል።
5. ምሕዝነት ወይ ስምዒት ፅልኢትን ምድማምን ዝተስማዖ ይመስል።
6. ከበደ ዝለመዶ ሜላ ኣፈታትሓ ጎንፂ/ መልሲ ኣሉታዊ እንተኾይኑ ኣበራ እንትረኽቦ ክኹሪ፣ ወይ ስምዒት ጎዳኢ እንተኮነ ዝርርብ ክዛረቦ ወይ ንጎንፂ ክዕድም ይኽእል። ከበደ ኣብ ዕብየቱ ዝለመዶ ሜላ ኣፈታታሓ ጎንፂ/መልሲ እወንታዊ እንተኾይኑ ኣበራ እንትረኽቦ ንምታይ መንበር ኣየፀጋዕካንን ከምዝበሎ ይሓቶ፤ ወይ ብዛዕባ ተግባራቱ ትኽክል ዘይምኧን የዛራርቦ።

# ዕድመ ህፃናትን ክእለት ማሕበራዊ ርክብን

**መሳለጥቲ/**

ብምቕፃል ህፃናት ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዕድመ ዘርእይዎ ማህበራዊ ርክብ ንምልከት፡፡ እዞም ህፃናት ኩነታት ማህበራዊ ርክብ ከም ጥዕናኦም ከምኡውን ከም ዝረኽብዎም ምብርትታዕ ይፈላለዩ፡፡ ስለዚውን ሓደሓደ ህፃናት ስሉጥ ማህበራዊ ዕብየት እንተርእዩ ሓደሓዲኦም ድማ ዝንጉዓት ዕብየት የርኢ፡፡

**ርክብ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዕድመ ዘለዉ ህፃናት ክእለት ማሕበራዊ ዘርእይዎ**

**ህፃናት ሓደ ወርሒ/**

- ፍሽኽታ የርእዩ፡፡
- ዓይኒ ንዓይኒ ብምርእኣይ ርክብ ይገብሩ፡፡
- ዝፈልጥዎ ገፅ እንትሪኡን ድምፂ እንትሰምዑ መሊሶም ብምርኣይን ብፍሽኽታ መልሲ ይህቡ፡፡

**ህፃናት ክልተ ወርሒ**

- ሰባት ብዓይኖም ይከታተሉ፡፡
- መልክዕ ሰባት ይፍለዩ፡፡
- ዝፈልጥዎ ድምፂ እንትሰምዑ ስቕ ይብሉ፡፡
- ንኻልኦት ሰባት ፍሽኽታ የርእዩ፡፡

**ህፃናት ሰለስተ ወርሒ/ኣዋርሕ**

- ንድምፅን ፍሽኽታን ድምፂ ምላሽ ይህቡ፡፡
- እንትሕጎሱ ሓፈሻዊ ክፍልታት ሰውነት የንቀሳቅሱ፡፡
- መዕበይቶም ምንቅስቃስ ወይ ድምፂ ተኸቲሎም ገፆም የዝሩ፡፡

**ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘለዉ ህፃናት**

- መዕበይቶም እንትርእዎም ፍሽኽታ የርእዩ፡፡
- መዕበይቶም እንትትንክፍዎም ይሕጎሱ፡፡
- ዝፈልጥዎም ሰባት እንትርኡ ብታሕጓስ ኣእዳዎምን እግሮምን ዕፅፍ ዝርግሕ የብሉ፡፡
- ገፅ ዝፈልጥዎምን ዘይፈልጥዎምን ሰባት ይፈልዩ፡፡

- ጡብ ወይ ጡጦ እንትጠብዩ ደስታኦም ይገልፁ፡፡
- ገፆም ብመስትዋት እናረኣዩ ይስሕቑ፡፡
- ሰባት እንትሪእዎም ብፍሽኽታ ድምፂ የስምዑ፡፡
- ሓደሓደ ብገፆም መግለፅታት ንምምሳል ይምኩሩ፡፡

**ካብ ሽውዓተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ዘለዉ ህፃናት**

- ጠመተ ሰባት ንምርካብ ድምፂ የስምዑ፤ ቃላት ክዛረቡ ይኽእሉ፡፡
- ብምጥቓዕ ፣ጠረጴዛ ብምውቃዕ፣ ድምፂ ሰላምታ ብምስማዕ፣ብኩዕሶ ይፀወቱ፡፡
- ዝደልይዎ ነገር ብኣፃብዕቶም ይሕብሩ፡፡
- ካብ ቀረባ መዕበይቶም ምፍላይ ኣይደልዩን፡፡
- ካብ ዘይፈልጥዎም ሰባት ወይ ነገራት ይሃድሙ፡፡
- ስሞም እንትፅዋዕ ናብ ዝፅውዕዎም ሰባት ይጥምቱ፡፡
- ብዘስምዕዎ ቃል፣ድምፂ ወይ ምንቅስቃስ እንተተዓዊቶም ነቲ ተግባር ይደግምዎ፡፡
- ህፃናት ናይ ካልኦት ምንቅስቃስ የምስሉ፡፡

**ካብ ዓሰርተ ሰለስተ ክሳብ ዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ ዘለዉ ህፃናት**

- ወለዶም\መዕበይቶም እንትዛረብዎም ገፆም ይርእዩ፡፡
- እንትዛረቡ ወይ እንትፃወቱ መዕበይቶም ይጥምቱ፡፡
- በይኖም ይፃወቱ፡፡ መፃወቲኦም ንካልኦት ምክፋል ኣይደልዩን፡፡
- ተግባራት ዓበይቲ ሰባት ንኣብነት፦ ምኹስታር ገዛ፣ ምውልዋል፣ ምድላው ጠረጴዛ ከምኡውን ኣቕሓ ገዛ ምእካብ ኣምሲልካ ንምፅዋት ምምኻር፡፡

**ካብ ዓሰርተ ሸሞንተ ክሳብ ሰላሳ ኣዋርሕ ዘለዉ ህፃናት**

- ‹የቐንየለይ› ማለት፣ ሰላምታ ካልኦት ቃላትን ይጥቀሙ፡፡
- ምስ ካልኦት ሪጋኦም/ቅደም ሰዓቦም/ ሓሊዮም ምፅዋት ይጅምሩ፡፡
- ኣምሲልካ ፀወታታት ይፀወቱ፡፡
- ባዕሎም ካብ ካልኦት ፈልዮም ይፈልጡ፡፡

**ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት**

- ንሰባት ሰላምታ ይህቡ፡፡
- ወለዶም ዝሰርሕዎ ኣምሲሎም ይፃወቱ፡፡
- ምዝርራብ ይፈትዉ፡፡
- ምስ ካልኦት ምፅዋትን ምርድዳእን የሐጉሶም፡፡

**ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት**

- ምርዳእ እንታይነት ምክፋልን ንካልኦት ምንክብኻብ ይጅምሩ፡፡
- ቀሊል መምርሕታት ብምዕዛብ ብስርዓት ምፅዋት ይኽእሉ፡፡

- ንሓደ መሓዛ ዝተፈለየ ቅርበት የርእዩ፡፡
- ፍልልይ ተባዕተይን ኣንስታይን ብምግንዛብ ምፅዋት ይኽእሉ፡፡

## ቁልፊ መልእኽትታት

**መመያየጢ/መሳለጥቲ/፡** ንተሳተፍቲ ቁልፊ መልእኽትታት የንብቡሎም፡፡

- ብወለዲ ወይ ሞግዚታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ምስ ካልኦት ኣብ ዝራኽብሉ እዋን ንዘጋጥሙ ክስተታት ምላሽ ዝወሃበሉ መንገዲ (ንኣብነት፡- ዘሐጉስ ወይ ዘሐዝን፣ ዘናድድ፣ዘፍርሕ ወይ ዘገርም) ነገር እንተጋጥም ዝወሃብ ምላሽ ብዝምልከት ህፃናት ዝተፈላለዩ ነገራት እንተጋጥምዎም ከመይ ምምላስ ከምዘለዎም ይመሃሩ፡፡
- ህፃናት ኣብ ዝነብርሉ ከባቢ ምስ ካልኦት ብምፅዋት፣ ካልኦት እንትፃወቱ ብምርኣይ መሓዙት ብምብዛሕ ይመሃሩ፡፡ ኩሉ ግዘ ህፃናት ካብ ካልኦት እወንታዊ ብዝኾነ ኩነታት ብቀሊሉ ዝረኽብዎም ሰባት ምቅራብን ምላሽ ምሃብን ይመሃሩ፡፡
- ህፃናት መሓዙት ከፍርዩን ምስ ባዕሎ ክፃወቱን ክበራታትዑ ይግባእ፡፡

# ንማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት፣ ኣባፅሕን ወለድን እንታይ ምግባር ይኽእሉ?

### መበገሲ ሓሰብ መመያየጢ

ህፃናት ማሕበራዊ ዕብየቶም ከማዕብሉ ከምኡውን ምስ ካልኦት ምርድዳእ ምምስራት ክኽእሉ ደለዊ ደገፍ ይደልዩ፡፡ ህፃናት ማሕበራዊ ዕብየት ንምስላጥ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ፡፡ በዚ ምይይጥ ወለዲ ኣብዞም ሜላታት ዙርያ ሓሳብ ይህቡ፤ ተሳተፍቲ እዚ ምይይጥ ግንዛበ ንምምዕባል ዕድል ይፈጥር፡፡

**መሳለጥቲ**

ንተሳተፍቲ መርሃ ግብሪ ምይይጥ እቲ ዕለት ***ወለዲ ማሕበራዊ ዕብየት ህፃናት*** ከመይ ምምዕባል ከምዝኽእሉ ዘገንዝብ ምኺኑንይነገሩ፡፡ብምቅፃል ወለዲ ዝስዕቡ ሕቶታት ይሕተቱ፡፡ ሓደተሳተፊ ሓደ ሕቶ ጥራሕ ክምልስ ብምንጋር መበገሲ ሓሳብ የንብቡሎም ፡፡

1. ምስ በዓልቲ ሓዳርኩም እትሰርሕዎምን ህፃናት ውለድኩም ዝርኢዎ እንታይ እንታይ ስራሕቲ ትሰርሑ?
2. ምስ ጎረባብትኹም እትሰርዕዎምን ህፃናት ዝርኢዎ እንታይ እንታይ ስራሕቲ ኣለኩም?
3. ምስ ህፃን ውላድኩም ኣብ ውሽጢ ገዛን ካብ ገዛ ወፃእን እትሰርሕዎም እንታይ እንታይ ስራሕቲ ኣለኩም?
4. ክሳብ ሀዚ ተሳተፍቲ ዝተሰርዘሩ ተግባራት ህፃናት ውላድኩም እንትዓብዩ ምስ ካልኦት ህህፃናት ከመይ ምቅራብ ከምዘለዎም ንምስትምሃር ኣበርክቶ ይገብሩ?

**መመያየጢ መሳለጥቲ/**

ወለዲ ደገፍ ህፃናት ማህበራዊ ህይወት ዕብየቶም ክምዕብሉ ይገብሩን ምስ ካልኦት ተረዳዲኦም ምምስራት ክኽእሉ ኣበርክቶ ይገብር። ሕድሕድ ህፃን ተመሳሳሊ ማህበራዊ ህይወት ዕብየት ደረጃ የብሉሙን ።ስለዚ ወለዲ ዝስዕቡ ነገራት ብምግባር ህፃናት ወላዶም ማህበራዊ ዕብየት ምስላጥ ይኽእሉ።

- ወለዲ በብመዓልቱ ምስ ህፃናት ውላዶም ሓቢሮም ክሳተፉ ንምግባርከምኽእሉ እኹል ምሃብ።
- ህፃናት ኣብ ገዛን ጎረበትን ረብሓ ክእለት ማሕበራዊ ህይወት ዝመሃርሉ ኩነታት ምፍጣር።
- ህፃናት ምስ ካልኦት ህፃናት ዝራኸብሉ ዝረዳድኡሉ ኣጋጣሚታት ምፍጣር።
- ህፃናት ካብ ካልኦት ወይ ሰባት ግቡእ ዘይኮኑ ኣመላት/ጠባያት ዘይምህላዎም ምርግጋፅ።
- ህፃናት ምስ ሓደሽቲ ሰባት ንኽፋለጡ ምግባር ህፃናት ዕብየት ማሕበራዊ ህይወት ንምስላጥ ይጠቅም።

**መመያጢ መሳለጥቲ/**

**ወለዲ ነዚ ልቢ ኢሎም ይዛረብዎም**

ህፃናት ክቐርብዎም እነበረታተያም ብዛዕባ መንነቶም ብደንቢ እንፈልጦም ሰባት ጥራሕ ምኻን ኣለዎ። እንታይነት ህፃናት ብደንቢ ምስ ዘይንፈልጠ/ጦ/ም ሰባት ክውዕሉ ምብርትታዕ የብልናን። ምኽንያቱውን ንህፃናት ዘይድለ/ኣጉል ኣመል ከምህሩ ወይ ህፃናተ ዝጎድእ ተግባር ክትግብሩ ይኽእሉ።

# ተግባራዊ ልምምድ

**መመያየጢመሳለጥቲ/**

ተሳተፍቲ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ብምጉጻል ይግለፅሎም፡፡

ሕድሕድ ጉጅለ ቀዒሉ ኣብ ዝቀረበ ሕቶ ክመያየጡ ይግበሩ፡፡ ሕድሕዱ ጉጅለ መመያየጢ ይመርፁ፡፡ ሕድሕድ ጉጅለ ፍረ ሓሳብ እቲ ምይይጥ ዝምዝግብ ሓደ ሪፖርት ዘቅርብ ፀሓፊ ይመርፁ፡፡

## መበገሲ ሕቶታት

**ወለዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ማሕበራዊ ዕብየት ንምቕቓሕ እንታይ እንታይ ምግባር ይኽእሉ?**

ሀ) ካብ ዝተወለዱ ሓደ ሰሙን ዕድመ ንዘለዎም ህፃናት

ለ) ካብ ዝተወለዱ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዕድመ ንዘለዎም ህፃናት

ሐ) ክልተ ዓመት ዕድመ ንዘለዎም ህፃናት

መ) ሸውዓተ ዓመት ዕድመ ንዘለዎም ህፃናት

***መልሲ መሳለጥቲ***

***ሀ) ህፃን ሓደ ሰሙን:-***ኣብ ቅድሚ ህፃናት ተመዓዳደውቲ ዝኾኖም ገፅ ኣብ ቅድሚት እቲ ህፃን ካብ የማን ናብ ፀጋም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ብምግባር ምስቲ ህፃን ርክብ ምፍጣር ምሕዛል ምባል ካልኦት ንህፃናት ዝዝምሩ/ ከባቢ ዜማታት ልስልስ ብዝበለ ድምፂ ምዝማር፣ ከይተፅዓንዎ ምድህሳስ፣ ዋላ እቲ ህፃን መልሲ ኣይሃባ ምዝራብ ግና ኣድላዪ እዩ።

***ለ) ህፃን* 6 *ኣዋርሕ:-*** ካብቲ ላዕለዋይ፣ ብተወሳኺ ምዝርራብ፣ ምልክት ሰላምታ ብኢድ ሰላም እንትብሉ ፍሽኽታ ምርኣይ፣ ምምንስ ፣ምስዓም

***ሐ) ህፃን ክልተ ዓመት ዘለዎም:*** ከምቲ ላዕለዋይ ብተወሳኺ ሰላም እንትብሉ ምጭባጥ /ኢድ ምንሳእ/ ከምንፈትዎ፣ ናትና ከምዝኾነ ምግላፅ፤ ብዛዕባ ፍልልይ ተባዕታይን ኣንስታይን ምስትምሃር (ተባዕታይ ፅሕሚ ኣለዎ ኣንስታይቲ ፅሕሚ የብላን፤ ኣንስተይቲ ቀሚሽ ኣለዋን ትኽደንን፤ተባዕታይ ቀሚሽ ኣይኽደንን፤ ኣደይ ኣንስተይቲ እያ ፤ ኣቦይ ተባዕታይ እዩ፤ ሓፍተይ ኣንስታይ እያ፤ሓወይ ተባዕታይ እዩ)፤ ኩሉ ስድራኡ ከምዝፈቱ፤ ተሳትፎ ስድራን ብቀሊል ትእዛዛት ምልምማድ (ንኣብነት፡ እዚ ሽሓነ ንኣደይ ሃባ፤ እቲ ፍንጃል ኣምፃኣዮ፤ ወዘተ)፤ ኣብ እዋን ምግቢ ብሓደ ክቕመጥ ምግባር፤ ወለዲ ብፍቅሪ እንትዛራረቡ እቲ ህፃን ኣብ ጎኖም ኾይኑ ክፃወቱ ምብርትታዕ ፤ነቲ ህፃን ብዓይንና ብግቡእ ምክትታል ኣብ ቀፅሪ ወይ ኣብ ከባቢ ገዛ ምስ ካልኦት ህፃናት ክፃወቱ ምግባር

***መ) ህፃን ሽውዓተ ዓመት:*** ውልቀ ኣተሓሕዛ / ባህሊ ወልቀ ኣተሓሕዛ ንዚ ፆታ ከምዝፍቀደሉ እናተግበረት/ እናተግበረ ምኺኑ ምርግጋፅ/ምስትኽኻል፣ ምስ ወለድን ስድራን ኣብ ምይይጥ ምስታፎም ምርግጋፅ ፣ብፍቅሪ ምሕቋፍ፣ ሓላፍነት ስድራ ክዋፅኡ ትምህርቲ ብኻሊእ መዓልቲ ቀሊል ስራሕቲ ሓላፊነት ምሃብ (ንኣብነት:-ምንፃፍ ዓራት፣ ምፅራግ ገዛ፣ ምሕፃብ ሻሓነ፣ ዓበይቲ ኣባላት ስድራ ክዳን እንትሓፅቡ ህፃን ባዕላ/ባዕሉ ካልሲ ወይ ቡታንታ ክሓፅቡ ምእዛዝ፣ ወዘተ)፣ ሓዉ ወይ ሓፍቱ ቅርበት ምህላዉ ምርግጋፅ፣ ሓበራዊ ስራሕቲ ምሃብ፣ኣብ ሰፈር ዘለዉ ጎረባብቲ ክፈልጥዎ ምግባር፣ናብ ጎረቤት ተላኢኾም ምምላስ ምስትምሃር፣ ናይ ባዕሉ መሓዛ ንምፍራይ ኩነታት ምምችቻው፣ ድሌትን ሓሳብን ብነፃ ምግላፅ ምልምማድ፣ ንኻልኦት ምኽባር፣ሪጋ ምሕላው፣ኣባፅ ኣብ ዘመያየጥሉ ሰዓት ርኢቶ ምሃብ እንተደልዩ/እንተደልያ ፍቃድ ክትሓትት ምልምማድ፣ ንኣናእሽቶይ ምክንኻን ምግባር ምልምማድ፣ ምስ ካልኦት ዘይምስምዕማዕ እንትህሉ ናብ ጎንጺ ከየምርሑ ምልምማደ።

**ቁልፊ መልእኽትታተ**

> **መመያየጢ፡መሳለጥቲ/**
>
> **ቁልፊ መልእኽትታት የንብብሎም**

- በብመዓልቱ ምስ ህፃናት ደቅኹም ንምርኻብ ዝኾነ ነገር ንምግባር እኹል ግዘ ከምዘለኹም ኣረጋግፁ፡፡
- ኣብ ገዛኹምን/ ጎረባብትኹም ከባቢ ህፃናት ረብሓ ክእለት ማሕበራዊ /ናይ ህይወት ክእለት/ ህፃናት ዝመሃርሉ ርክብ ክህሉ ግበሩ፡፡ ንኣብነት፦ ህፃናት ምስ ጎረባብቲ ብሓባር ምፅራይ ሰፈርን ስራሕ ምስራሕን ክሪኡ፣ነቲ ምይይጥ ክሰምዑ ምግባር፡፡
- ህፃናት ደቅኹም ምስ ካልኦት ህፃናት ዝራኸብሉን ዝረዳድእሉን ኣጋጣሚታት ፍጠሩ፡፡
- ህፃናት ደቅኹም ካብ ካልኦት ህፃናት/ ወይ ሰባት ግቡእ ዘይኮኑ ኣመላት/ጠባያት/ ዘምምሃርዎም ኣረጋግፁ፡፡ ነዚ ምስ ህፃናት ደቅኹም ዝርኸቡ ህፃናትን ኣባፅሕን ኣመል/ጠባይ ምክትታልን ምርኣይን ይግባእ፡፡
- ወለዲ ወይ ኣባላት ስድራ ኣብ ዝተረኽብሉ ህፃናት ደቅኹም ምስ ሓደሽቲ ሰባት ክፋለጡ ምግባር፡፡
- ወለዲ እናረኣናን እናተኸታተልናን ህፃናት ምስ ዓበይቲ ህፃናት ክፋለጡ ምግባር፡፡
- ሓፋራት ህፃናት ዝደልይዎ ነገር ክገልፁ ሓግዝዎም፡፡ ንኣብነት ፦ ዝተፈላለዩ መበራታትዒ ብምሃብ ሓሳቦም ክገልፁ እኹል ዕድል ምሃብ
- ህፃናት ደቅኹም ምስ ካልኦት ብፅቡቕ ኩነታት እንትፃወቱ ሎሚ ምስ መሓዙቶም ከይተፃልኡ ብምፅዋት ብጣዕሚ ደስ ኢሉና ብማለት ስምዒትኩ/ኺ/ም ግለፅሎም፡፡
- ህፃናት ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሕድሕዶም ዝፃባእ መረዳእታ ከይበፅሑም በብግዘኡ ምስ ህፃናት ብቐረባ ካብ ዝርከቡ መምህራን፣ መፅበይቲ ካብ ዓበይቲ ህፃናት መረዳእታ ኣክቡ፤ ሓሳብ ተለዋወጡ፡፡
- ህፃናት ትፅቢት ዝግበረሎም ከይሰርሑ እንትቐርዩ ካብ ምቅፃዕ፣ ካብ ምቁርጣጥ/ምቁንጫው፣ ብፅፊዒት ምውቃዕ ዝበለፀ ብፍቅሪ ጥንክር ዝበለ ምኽሪ ምሃብ፣ ካብ ኣካላዊ ቅፅዓት ዝበለፀ ሓድነት ዘለዎ መምርሕን ጥፍኣትን መአረሚ ሜላ ምጥቃም ይመረፁ፡፡

# ክፋል ክልተ፡ ምምዕባል ስነ ልቦናዊ ደሕንነት ህፃናት(ስምዒት ኣእምሮ)
## ኩነታት ስነ ልቦናዊ ህፃናትን (ስምዒት ኣእምሮ) ምግንዛብ

**ትርጉም፡**

**ስነልቦናዊ (ስምዒት ኣእምሮ)** ማለት ብሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት ወይ ክእለት ምዝካር ተጠቂምካ ካብ ውሽጥን ወፃእን ከባቢ ብዛዕባ ባዕሎምን ብዛዕባ ካልኦትን **ግንዛበ** እንተሒዝና ቀጺሉ ክተሓዝ ዝግበኦ ግንዛበ ዝሃብናዮ **ትርጉም** መሰረት ኣብ ኣእምሮና ዝፈጥሮ **ኩነታት ስነልቦናዊ/ስምዒት** እዩ፡፡

እዚ **ስን/ነ/ልቦናዊ ኩነታት** ወይም **ስምዒት ኣእምሮ** ሓጎስ፤ሓዘን፤ንደት፤ቁጣዐ ወይ ፍርሓት፣ወዘተ ክኾን ይኽእል፡፡

ህፃናት ስምዒት ኣእምሮኦም ዝገልፅዎ ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣይኮነን፡፡ ህፃናት ስምዒቶም ዘዕብይዎ ብዝተፈላለዩ መንገድን ብባዕሎምን ፍጥነት እዩ፡፡ህፃናት ስምዒቶም ዝገልፅሉ ኩነታት ዝለምድዎ ኩነታት ኣብ ውሽጦም /ብስነልቦናኦም ካብ ዝፈጥርዎ ደስ ዝብሉ ወይ ደስ ዘይብሉ (ዝምችዉን ዘይምችዉን) ስምዒታት ብደመነ ነብስ ምትንካፍ ፤ ከምኡውን ካብ ወለዶም ብዝወሃቦም መምርሒ፤ ብተወሳኺ ወለዶም /መዕበይቶም/ ብምርኣይ እንትኾን፣ ብተወሳኺ ድማ ካብ መምህራንን ምስ ካልኦትን ቅርበት ዘለዎም ሰባትን ብምንባር ርክብ ስምዒት ኣእምሮኦም ዝበለፀ መልሲ ብዛዕባ ዝገልፅሉን ዝህብሉን ይመሃሩ፡፡

*መመያየጢ/መሳለጥቲ/*

***መግለፅታት ስምዒት ኣእምሮ ህፃናት*** ምግንዛብ ኣድለዪ ዝኾነ ምንጋር ይግባእ፡፡ **"ህፃናት ምንም ኣይፈልጡን"፤ ከምኡውን "ስምዒት የብሎምን"፤** ዝብል ኣሓሳስባ ስሕተት ምዃኑ ምግላፅ ይግባእ፡፡ ህፃናት ልክዕ ከም ኣባፅሕ ሰባት ንእንዛረቦምን እንገብረሎም ነገራትን ወይ ንዘዛረብዎን ንዝሰርሕዎን ነገር ብኣእምሮኦም ስምዒት ዝቀርፅዎ ኣለዎም፡፡ሓጎስን ምርግጋእን ህፃናት ስምዒት ኣእምሮኦም ብኹሉ ኣንፈት ክመሃሩ ይግዝ፡፡ ብኻሊእ መልክዑ ፍርሓት፣ቁጣዐን ሓዘንን ስምዒት ብኣእምሮኦም ዝመሳለስሉ ህፃናት ኣብ ገዛኦምን ካብ ገዛ ወፃኢ ብዝግባእ ምምሃር ይግበኦም፡፡ ስለዚውን ወለዲ ህፃናት ንምሕጋዝ ናይቶም ህፃናት መግለፂታት ስምዒት ኣእምሮኦም ምፍላጥ የድሊ፡፡ ህፃናት ብዛዕባ ባዕሎምን ካልኦትን ፅቡቕ ስምዒት ኣእምሮ ክህልዎም ወለዲ ስምዒት ተገይሩ ከንዓዕዙዎም ይድለ፡፡ ስምዒት ኣእምሮ ህፃናት ንምርዳእ ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ መንገደትታት ኣለዉ፡፡ ምይይጥ ሎሚ መዓልቲ እዚ ክእለት ንምምዕባል/ ይሕግዝ፡፡

## መግለፂ ስምዒታት ህፃናት ካበይ ይምሃሩ?

- **ብተፈጥሮ ብደመነብሲ/**
- **ብምርኣይ ምምሃር**
    - ካብ ወለዶም
    - ካብ ካልኦት ህፃናት
    - ከከምባህሉ ካብ ዝህቦም መምርሒ

**መመያየጢ፡/መሳለጥቲ/**

ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ቀስ ብቀስ ብዛዕባ ዘጋጠሞም ነገር ብባዕሎም ተፈጥራዊ መንገዲ ስምዒቶም ይገልፁ፡፡

ወለዲ እንትነደዱ/እንትቑጥዑ፣ እንትሕጎሱ፣ እንተሓዝኑ ወይ እንትድመሙ/እንትድነቁ/ ከመይ ስምዒቶም ከምዝገልፁ ብምርኣይ ይማሃሩ፡፡

ህፃናት ኣብ ዝነበርሉ ከባቢ ምስ ካልኦት ብምፅዋት፣ መሓዙት ብምፍራይ ከምኡውን ካልኦት እንትፃወቱ ብምርኣይ ከመይ ምዝርራብን ምርድዳእን ከምዝኽእሉ ይማሃሩ፡፡

ህፃናት ምስ መሓዙቶምን ምስ ካልኦትን ህፃናት እንትራኸቡ ብዛዕባ ስምዒቶምን ብዛዕባ ዝህብዎምን መልሲ ብዝበለፀ ይመሃሩ፡፡

ብተመሳሳሊ ኩነታት ብዛዕባ ካልኦት ስምዒትን መልስን ይመሃሩ፡፡ ብዙም ልምድታት ፅዕንቶ ዝብገስ እቶም ህፃናት ኣብ ግዘ ከይዲ መግለፅታት ስምዒት ከስተኻኽሉ ወይ ክቅይሩ ይኽእሉ፡፡

ብተወሳኺ ህፃናት ከመይ መግለፂ ኣእምሮ ከም ዘለዎም ወይ ከም ዘይብሎም ወለዲ ከከም ባህሉ መምርሒ ይህቡ፡፡

# ህፃናት ስምዒቶም ከመይ ይገልፁ?

ህፃናት ኣብ ኣገላልፃን ግንዛበን ስምዒት ዝተፈላለየ ክእለት ኣለዎም። ህፃናት ስምዒቶም ዘዕብይሉ ብተፈላለየ መንገድን ብባዕሎም ቅልጣፈ እዩ።

**መመያየጢ/መሳለጥቲ/**

ህፃናት ኣብ ውሽጢ ተወሰነ ዕድመ ዝተወሰኑ መግለፅታት ስምዒት ከርእዩ ይሕሎ። ብልምዲ ከምዝረአ ዝበዝሕ ግዘ ቀዳማይ ቁልዕነት ህፃናት እንትሓልፉ ዝስዕቡ ተመሳሳሊ መግለፅታት ስምዒት ከርእዩ ይኽእሉ። ድሕሪ ሽውዓተ ዓመት ግና ህፃናት ብኣብዝሓ ንናይ ባዕሎም መግለፅታት ስምዒት የማዕብሉ። እዚ መግለፂ ስምዒት ንነዊሕ ግዘ ብተደጋጋሚ ብዘጋጥም ስነ ልቡናዊ፣ ኣካላዊ ወይ ማህበራዊ ተጓንፎታት ፅዕንቶ እንተዘይኸይኑ ኣይልወጡን። ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ኣገላልፃ ስምዒት ህፃናት የንብቡሎም።

## ስምዒት ህፃናት ብደረጃ ዕድመ

### ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ

- ኣካላዊ ምትንኻፍን ምንቕቓሕን ይፈትዉ።
- እንተፃውትዎም ይረጋገኡ።
- ዘይተመቻቸወ ነገር ወይ ሕማም እንትስመዖም ይበኽዩ።
- ዓባይ ኣፃብቶም ብምጥባው ስቕ ማለት ይኽእሉ።
- ኣብቶም ኣዋርሕ መወዳእታ ከባቢ ካልኦት ሰባት እንትሓቑፍዎም ኣይበኽዩን።
- ኣብቶም ኣዋርሕ መወዳእታ ከባቢ ብገፆም ስምዒቶም የንፀባርቑ።

### ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ

- ጠመተ ወለዲ ንምርካብ ይበኽዩ።
- ዝፈልጥዎ ድምፂ እንትሰምዑ ምብካይ ጠጠው የብሉ።

- ምስ ሓብሓብቶም ምፅዋት ደስ ይብሎም። እምነት ንምህናፅ ርክብ ዓይኒን ምትንኻፍን ይፈትዉ።
- ፍርሓት፣ ስምዒት ቁጣዐን ፅልኢትን ከርእዩ ይኽእሉ።
- ዘይደልይዎ ነገር ሓብሓብቲ እንትገብሩ ምላሽ ይህቡ፤ ንኣብነት፡- ዘድልዮም ምግቢ ክምግብዎም እንትብሉ ምጭንናቕ ወይ ነቲ ምግቢ ብምድፋይ መልሲ ይህቡ።
- ዘይፈልጥዎም ሰባት ክሕዝዎም እንትደልዩ ናብ ሓብሓቢኦም/መዕበይኦም/ ይኸዱ።

ኣብቶም ኣዋራሕ መወዳእታ

- ዝተፈላለዩ ስምዒታት ብድምፆም ይገልፁ። ንኣብነት፡- እንትሕጎሱ ሕጉሳት ምኳን ብዘርኢ መልክዑ ዋዕ ይብሉ፣ እንትናደዱ ወይ እንትፈርሑ ቁጣዐ ገፅ የርእዩ፤ ይበኽዩ።
- ድሕሪ ምንዳዶም ስቕ ምባል ይጅምሩ።
- ሓብሓቢኦም እንትሓቑፍዎም፣ እንትደርፍሎምን እንተንብቡሎምን ሕጉስ ገፅ የርእዩ።

ካብ ሸውዓተ ክሳብ ትሸዓንተ ኣዋርሕ

- ካብ ወለዶም እንትፍለዩ ኩነታት ፍርሓት የርእዩ።
- ሓደሽቲ ነገራት ንኣብነት፡- ሰባት ፣ ኣቕሑን ቦታታትን እንትርኢ ክሓፍሩ ይኽእሉ።
- ሓያል ድምፂ/ዋዕታ እንትሰምዑ ይፈርሑ ወይ ይናደዱ/ይቑጥዑ።

ካብ ዓሰርተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ

- ሓጎስ፣ ንደት፣ ፍርሓትን ዝመሳሰሉ ብዙሓት ስምዒታት የርእዩ።
- ካብ ሞግዚቶም/መዕበይኦም/ ኽንክን ምርካብ ይደልዩ። ንኣብነት፡- ምሕቋፍ ይደልዩ።
- ድሌቶም ወይ ተቓውሞኦም ኣብ ገፆም ዝተፈላለዩ ምልክታቶም ብምርኣይ፣ ብተግባርን ብድምፅን ይገልፁ።

ካብ ዓሰርተ ሰለስተ ክሳብ ዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ

- ንሰባት፣ ንእንስሳትን ንመፃወቲኦምን ፍቕሪ የርእዩ።
- ብሓብሓብቶም ኣመራርሓን ምብርትታዕ ስምዒት ኣእምሮን ከመይ ብተግባርን ቃላትን ከምዝግለፅ ምርዳእ ይጅምሩ።
- ሓድሽ ነገር ንምርካብን ንምምኳር ዘበረታትዕዎምን ደሕንነት ከም ዝስመዖም ዝከታተሎም ዓብዪ ሰብ እንተረኺቦም ድማ ብድፍረት ነገራት ይምኩሩ።

- ዝተፈላለዩ ስምዒታት ኣእምሮ ብኣብዝሓ ብተግባርን ሓል ሓሊፉ ብቃላትን ምግላፅ ከምኡውን ካብ ካልኦት ዝርኢዎ ስምዒት ኣእምሮ ምግንዛብ ይኽእሉ፡፡

**ካብ ዓሰርተ ሸሞንተ ክሳብ ሳላሳን ሽዱሽተን ኣዋርሕ**

- ንምቅስቃሶም ኣፍልጦን ምምስጋናን ይደልዩ፡፡
- ክሕቆፉ ንዝፈትዉዎ ፍቕሪ ቢንቡላን / ስምዒት ታሕጓስ የርእዩ፡፡
- ስምዒቶም ብቃላት ይገልፁ፡፡ ኣብ እዋን ፀወታ ስምዒት ኣምሲሎም ምፅዋት ይጅምሩ፡፡ንኣብነት፡- ከም ዝተናደደ ሰብ የምስሉ፡፡
- ብዙሕ ግዘ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ምኻድ ይደልዩ፡፡ እዚ እንተተኸልኪሎም ቀልጢፎም ምሽባር ገፅ የርእዩ፡፡

**ካብ ሰላሰን ሽዱሽተን ክሳብ ኣርባዓን ሸሞንተ ኣዋርሕ**

- ስምዒታት ኣእምሮኦም ብቃላት ይገልፁ፡፡
- ስምዒት ካልኦት ከምኡውን ሪኢቶ ብዝበለፀ ምርድእ ይኽእሉ፡፡
- ዝተፈላለዩ ስምዒታት ንኣብነት፡- ምቕናእ፣ ምድናቕ፣ ፍርሓት፣ ሓጎስን ንዝመሳሰሉ ይለማመዱ፡፡
- ብዝቐርብዎም ሓብሓበቶም ብዝቕመጥ ገደብን ስነ ስርዓት መአረሚ ምብስጫውን ምብኻይን ይገድፉ፡፡

**ካብ ኣርባዓን ሸሞንተን ክሳብ ሰብዓን ክልተን ኣዋርሕ**

- ብዛዕባ ባዕሎ እወንታዊ ግምትን ፅቡቕ ስምዒን ይህልዎም፡ንዝሰርሕዎ ስራሕ ውን ኩርዓት ይስመዖም፡፡
- ዝበዝሕ ግዘ ንወለዶም ይምእዘዙ፡፡
- ብዘይ ፍርሓት ወይ ክትትል ካልኦት ከይሓተቱ በይኖም ብትኹረት ተረጋጊኦም ምስራሕ ይኽእሉ፡፡
- ንነዊሕ ሰዓት ኣብ ህፁፅ ተግባር ተስፋ ከይገበሩ ምጥማት ይኽእሉ፡፡
- ዝለመድዎ ነገር ኣቀዲሞም ከይተዘረቦም እንተተለዊጡ ይናደዱ፡፡
- ድሌቶም እንተዘይኮነእውን ብምርግጋፅ መመርሒታት የኽብሩ፡፡

## *ቁልፊ መልእኽትታት*

- *ወለዲ ወይ መዕበይቲ ስምዒት ኣእምሮ ህፃናት ክገልፁ ምብርትታዕ ይግባእ። ንኣብነት፡- ህፃናት ደስ እንተ ኣቢሎምኹም ብጣዕሚ ተሓጕሰልኩም! **ንስኹም ከ ተጋሕሰኩም ዶ?*** *ብምባል ስምዒቶም ብቃላት ክገልፁ ምግባር።*
- *ወለዲ ወይ ሞግዚታት ህፃናት ስምዒት ኣእምሮ ምፍላጥን ምሕጋዝ ይግባእ።*
- *ህፃናት ስምዒት ኩነታት ምምልካት ምግንዛብ ኣድለዪ እዩ። ህፃናት ንመዓልቲታት ወይ ንሰሙናት ብፅቡቕ ስምዒት ምርግጋፅ ወይ ኣግባብ ዘለዎ ህፃን ኣብ ውሽጢ ስምዒት ታሕንስ) እንተዘይኮይኖም ኣብ ውሽጢ ፀገም ምኺኖም ብምግንዛብ ደገፍ ክግብረሎም ይግባእ።*

# ስነልቦናዊ ደሕንነት (ስምዒት ኣእምሮ) ህፃናት ከመይ ምምዕባል ይከኣል?

- *ሓጎስ፣ ሓዘን፣ ፍቅሪ፣ ንደትን ፍርሓትን ዝመሳሰሉ ስምዒታት ኣብ ዝህልወሉ ማሕበረሰብ ባህሊ መሰረት እዩ። እዚ ስምዒት ብከይዲ ኣብ ስድራ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ከባብን መሓዙትን ብዝርከቡዎ ተሞክሮን ትምህርትን ዝምዕብል እዩ።*
- *ህፃናት ስምዒቶም ተቀባልነት ዘለዎ መልክዑ ከመይ ምግላፅ ከምዝኽእሉ ከምዝግበኦም ክምሃሩ ይኽእሉ። ህፃናት ወለዶም ዝሰርሕዎን ዝረኣይዎ፣ምስ ሓዙቶም እንትፃወቱ ዝርእዎን ክገብርዎ ብዝንገሮምን ዘለዎ መልክዑ ስምዒቶም የማዕብሉ።*
- *ህፃናት ዝተረጋገአ ስምዒት ኣእምሮ ንኽማዕብሉ፣ ብቕዓት ዓረ/ር/ሶም ምትእምማን ንከማዕብሉ ንባዕሎም ክብሪ ክህቡ ብወለዶም ወይ ካብ መዕበይቶም ሓገዝ ክግብረሎም ይግባእ።*

## ተግባዊ ልምምድ

***መመያየጢ/መሳለጥቲ/***

*ካብ መንጎ ተሳተፍቲ ሓደ ፍቃደኛ ሰብ ብምሕታት ዛንታ/ነበረያነበረ ኣሕመድን ኣዶኡን ከዘንትወሎም ይግበሩ። ተሳተፍቲ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ብምጉጃል ኣብቲ ዛንታ ዘለዉ ተዋሳእቲ ንምይይጥ ምቅራብ ንሕቶታት መልሶም ምስ ሰርሑ ብተወካሊ ጉጅለ ኣቢሉ ከም ዝቀርብ ይን/ነ/ገርዎም።*

**ዛንታ፡ነበረያነበረ**

**ኣሕመድን ኣዲኡን**

ወይዘሮ ሰሚራ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ዕድመ ዘለዎ ኣሕመድ ዝበሃል ህፃን ኣለወን። ወይዘሮ ሰሚራ ንህፃን ኣሕመድ ኣብ ውሽጢ ገዛ ካብዙይ ናብዙይ ማዕዶ እናዘለሉ ብፍሽኽታ ይርእይዎ ነበሩ።ኣሕመድም ታሕጓስ ሓቢርዎም ፍሽኽ ይብል። ወይዘሮ ሰሚራ ኣሕመድ ኩሉ ግዘ **ንፉዕ ዝወደይ** !! ብማብል ዕቡቕ ስምዒት ክስመያ ይገብራ ነበራ። ኣሕመድ ምስራሕ ዝደልዮ ነገር ንምስራሕ እንተደሊ ንኣዲኡ ኩሉ ግዘ ‹**ንፉዕ**! **ናተይ ጅግና**! **ንዓኻ እንተይ ይሰኣነካ** ! **ኩሉ ቀሊል እዩ ንዓኻ**!› ብምባል የበረታትዓያ ነበራ። በዚ ዝተበገሰ ኣሕመድ በብመዓልቱ ሓድሽ ነገራት ንምስራሕ ይደሊ ነይሩ። ሓዲሽ ነገር እንትሰርሕ ብቅልጡፍ ናብ ኣዲኡ ብምኺድ ዝሰርሖ ሓድሽ ነገር ይዛረብ። ኣዲኡውን ከምዝተለመደ ብፍቕሪ ተቀቢለን ግንባሩ ይስዕማኡ።ኣሕመድም ካሊእ ነገር ብምስራሕ ኣዲኡ ንምሕጓስ ናብ ካሊእ ተግባር ብቅልጡይ ይሓልፍ።

### ንምይይጥ ዝቐርቡ ሕቶታት

1. ኣሕመድ ንኣዲኡ ኣብ ዘርእየን ግዘ እንታይ ዝስመዖ ይመስለኩም?
2. ወይዘሮ ሰሚራ ንኣሕመድ ዘርእያኦ ኩነታት ግቡእ ድዩ? ወይ እናበላሸዋኦ እየን? ንምታይ?
3. ንስኹም ብወይዘሮ ሰሚራ ቦታ እንተትኾኑ ንህፃናት ውላድኩም እንታይ ምገበርኩ? ንውላድኩም ተመሳሳሊ ነገር ዶ ምገበርኩም? ወይ ዝተፈለየ ነገር?ንምታይ? ወይዘሮ ሰሚራ ንኣሕመድ ማንታ ኣሕዋቱ ተመሳሳሊ ነገር እንተዝገብራ ንቲ ህፃን ዕብየት ፅቡቕ ኣበርክቶ ይህልዎ ዶ? ወይ ጉድኣት የስዕብ ትብሉ? ንምታይ?
4. ብናትኩም ኣረኣእያ ኣብ ከባቢኩም ንህፃናት ደቅኹም ዕብየት ስምዒት ኣእምሮ ፅቡቕ ኣበርክቶ ዝገብሩ ወለዲ ብኣብነት ክጠቕሱ ዶ ትኽእሉ?
5. ብናትኩም ኣረኣእያ ኣብ ከባቢኩም ንህፃናት ደቕኹም ስምዒት ዕብየት ኣሉታዊ ኣበርክቶ ዝገብሩ ወለዲ ብኣብነት ምጥቃስ ትኽእሉ ዶ?

## ፀብፃብ ጉጅለ ብሓባር ምድማፅን ምምይያጥን

***መመያየጢ/መሳለጥቲ/***

ብምቕፃል ኩሉም ተሳተፍቲ ብሓባር/ ክኾኑ ምግባር፡፡

ሕድሕድ ፀሓፊ ጉጅለ ኣቀዲሙ ዝቀረቡ ሕቶታት ብዝምልከት ንናይ ጉጅለኡ ርኢቶታት ብሰለስተ ደቒቓ ምቅራብ ይግባእ፡፡

ሪኢቶ ጉጅለ ሓደ ምስ ቀረበ ካብ ተሳተፍቲ ሓደ ሰብ ብዛዕባ ዝቀረበ ርኢቶ/ ሪኢቶክህቡን ሕቶ ክሓቱን ዕድል ምሃብ የድሊ፡፡

***መመያየጢ/መሳለጥቲ/***

ብዛዕባ ዝቀረበ ፀብፃብ ካብ ተሳተፍቲ ብዛዕባ ዝቀረቡ ርኢቶታት ወይ ሕቶታት *መመያየጢ*.***መሳለጥቲ/*** ግብረ መልሲ ክህቡ ትፅቢት ይግበር፡፡

ንተሳተፍቲ ዝወሃቡ ግብረ-መልስታተ ንመሳለጢ ምስ ዝተቐመጠ መረዳእታ ክጠዓዓም ኣለዎ፡፡

**ቁልፊ መልእኽትታት**

- ወለዲ ወይ ሞግዚታት  ስምዒት ኣእምሮ ህፃናት ግቡእነት ብዘለዎ ባዕሎም ኮነ ካልኦት ብዘየዳግም መልክዑ ክገልፁ ምብርትታዕ ይግበኦም፡፡
- ወለዲ ወይ ሞግዚታት ስምዒት ኣእምሮ ህፃናት ክፈልጡ ባዕሎም ምቁፅፃር ክኽእሉ ምሕጋዝ ይግባእ፡፡
- ዕብየት ስምዒት ኣእምሮ ህፃናት ተመሳሳሊ ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ብትዕግስቲ ምንቕቓሕን ምልምማድን ይግባእ፡፡
- ስምዒት ኣእምሮ ፀወታ ህፃናት/ውላዶም/ን ካልኦትን ህፃናትን ክርድኡ ምግባር፡፡
- ህፃናት ምስ መሓዙቶም ከምኡን ምስ ወለዲ ዝፃወትዎ ፀወታ ንህፃናት ስምዒት ኣእምሮ ጥዕና ወሳኒ ግደ ስለዘለዎ ይፀወቱ፡፡ነገር ግና ሓላፍነት ዝስመዖም ኣባፅሕ ብቀረባ ክትትል ምግባር ይግባእ፡፡

# መግለፂ ስምዒት ቁጣዐ ህፃናት

ህፃናት ኮኑ ኣባፅሕ እንትናደዱን እንተኸፍኦምን ምግላፅ ስምዒቶም ግቡእነት ዘለዎ ነገር እዩ፡፡ ምብስጫውን ምንድዳድን ኣመል ሰባት እዩ፡፡ኣብ ዝኾነ ሰብ ሓልሓሊፉ ክርኣይ ይኽእሉ፡፡ ስለዚ ምንዳድ ሓል ሓሊፉ ኣብ ህፃናት ይረአ እዩ፡፡

ህፃናት ሓድ ሓደ ነገራት ንምርካብ  ወይ ንምስራሕ እንትኽልከሉ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ብቁጣዐ  እንትሙኩሩ ይረኣዩ፡፡ንኣብነት ባዕሎም ኣብ ምድርቤት ክሰብ ምንክብላል ፣ ምፍርጋጥ/ፋሕጠርጠር ፣ፈርፈር፣ ዓው ኢሎም ይበኽዩ፡፡ እዚ ድማ ዝደለይዎ ንምርካብ ወይ ንምግባር ይጥቀሙሉ፡፡

ካብ 12 ክሳብ 36 ኣዋርሕ ዕድመ ዘለዉ ኣብ ኣናእሽተይ ህፃናት ብከይዲ ዕብየት ዝረኣዩ ጥዑይ ኣመል/ጠባይ እዩ፡፡

ህፃናት ስምዒቶም ብቃላት ምግላፅ ዘይኽእሉ ስለዝኾኑ ወለዲ ኣብቶም ህፃናት ክረጋገኡ ምሕጋዝ ይግበኦም፡፡

## ወለዲ ቁጣዐ ህፃናት ንምቕናስ ዝስዕቡ ምግባር ይግባእ

- ስምዒቶም ምርግጋእ፣
- ከይፈርሑን ከይንቅጥቀጡን ምግባር፣
- ንህፃናት ዓው ኢልካ ዘይምዝራብ፣
- ብአካላዊ ቅፅዓት ጠጠው ክብል ዘይምግባር፣
- ስቕ ክብሉ መቁሹሽ ወይ ማልዶ/መደለሊ ዘይምሃ
- እቶም ህፃናት ባዕሎም ወይ ካልኦት ህፃናት ከይጎድኡ ምጥንቃቕ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ንዝኾኑ ህፃናት ብዛዕባ ባህሪኦም ኣድላይነት ብርግኣት ምርዳእ ዝደልይዎ ነገር ከምኡውን ከይፀንሑ መማራዒ ምሕታት ግቡእ ከም ዝኾነ ብምርግጋእ/ ምንጋር፡፡

*ዋዕዋዕታን ምርባሽን ወለድ ፀገም እቲ ህፃን ከጋድዶ ይኽእል፡፡ ብምቕፃል ወለዲ ክሰርሕዎ ዘለዎም ኣብዚ ኩነታት ውሽጢ ዘለዉ ህፃናት ባዕሎም ሕድሕድ ዘለውዎ ስፍራ ካብ ጉድኣት ነፃ ብምግባር ደሕንነት እቲ ህፃን ምርግጋፅ ፤ ከምኡውን ኣብ ንብረት ጉድኣት ከይበፅሖም ጥንቃቐ ምውሳድ ኣለወም፡፡ በዚ ዓይነት ወላዲ ተረጋጊኡ ዝገብሮ ኩነታት እቶም ህፃናት ክረጋግኡ ይሕግዞም፡፡ ምኽንያቱውን ወለዲ ወይ መዕበይቲ ተረጋጊኦም ኣብ ቀረባ ዘለዉሉ ስፍራ ህፃናት ስምዒቶም ንምቁርራፅ ይቀሎም፡፡*

እቲ ህፃን ብዘይምቁራፅ ስለ ዘንፈርፈረን ስለ ዝበኸየን ክግበር ዘይግበኦ ነገር ምግባር ፀገም ክቕፅል ዕድል ይኸፍት እዩ፡፡ ክግበር ዘይብሉ ነገር ንምንታይ ምግባር ከምዘይብሉ ንቲ ህፃን ብርግኣት ደጋጊሞም ምርዳእ ይግባእ እምበይ እቲ ህፃን ዘይምቁራፅን ንምቋም ዓው ኢልና ክትግበር ዘይግበኦ ምትግባር ብፍፁም የብልናን፡፡እቲ ኩነታት ለውጢ እንተዘይኣምፂኡ ሓኪም ኣእምሮ ምምኻር የድሊ፡፡

**እዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንተተራኢዮም ሓኪም የማኽሩ**

- ብተደጋጋሚ ዝኽሰቱ እንተኾይኑ
- ስምዒቱ ዝገልፅሉ መንገዲ ንባዕሉ ኾነ ንኻልኦት ተወሳኺ ስምዒት/ጉድኣት ኣካል ዘስዕብ እንተኾነ
- ህፃን ወይ ቤተ-ሰብ ኣብ ማበራዊ ርክብ ስድራ ፀገም ዝፍጠር እንተኾይነኑ እዩ፡፡

**መመያየጢ፤ /መሳለጥቲ/**

ንተሳተፍቲ ዝኽተሎ ዝተተረጋገፀ ሓቅነት የረድኡ፤

ሰላማዊ መግለፅታት ስምዒት ህፃናት ብምርኣይ ኽለምዱ ወለዲ መርኣያ ብምዃን ዝተናደድሉ፤ ዝተፀገሙሉ ነገር ወይ ዝደልይዎ ነገር ምግላፅ ግና ነገራት ብርግኣት ንኻልኦት ብምኽባር ምግላፅ ወይ ምሕታት ከምኡውን ምቅዋም ከምዝኽእሉ ዘይምስልቻው ምርኣይን ምርዳእን ይግባእ።

## ስምዒት ድሕንነት ኣእምሮ ህፃናት ከመይ ምምዕባል ይከኣል?

- ህፃናት ስምዒት ንምርዳእን ንምቱልባትን ኣብ ከባቢኦም ምስ ዘለዉ ሰባት ዝህልዎም ዝርከብ ወሳኒ እዩ።

ስምዒት ወለዶም /መዕበይቶም ወይ ሞግዚቶም ብምርኣይ ህፃናት ባህርያት ይቀድሑ እዮም። ወለዲ ወይ ሞግዚታት ብዛዕባ ስምዒት ህፃናት ዝበለፀ ክመሃሩ ምስ ካልኦት ተስማዕሚያም ምንባር ክኽእሉ ዝስዕቡ ምግባር ይኽእሉ።

- ህፃናት ወለዶም ወይ ሞግዚቶም ብምርኣይ ብዛዕባ ዝደልይዎም ምምሳል ወለዲ ወይ ሞግዚታት ምስ ካልኦት ብዝህልዎም ርክብ መግለፅታት ሕማቐ ስምዒት ዘይምርኣዮም ምርግጋፅ ኣለዎም።
- ስምዒታት ህፃናት ዘሐጉስ፣ ዘሐዝን፣ ዘናድድ ወይ ዘፍርሕ ብግቡእ ኩነታት ንከርእዩ ብተግባር ምርኣይን ምዝራብን ኣድላዪ እዩ።
- ህፃናት ብዛዕባ ዝሰርሕዎ/ዕላማኦም መረዳእታ ምእካብን ምምሃርን ዝኽእልሉ ጥዑይ ከባቢ ምፍጣር ይግባእ። ብምዃኑ ውን ህፃናት ማሕበራዊ ህይወት ካብ ብጋናኡ/ንጎሆኡ ክለማመዱ ኩነታት ምምችቻው።እዚ እንትኾን ህፃናት ብዛዕባ ስምዒታት ኣእምሮ ዝበለፀ ግንዛበ ይረኽቡ፣ ክህለቶም ዘማዕብሉ።

- ህፃናት ክሰርሕዎ ዘለዎምን ዘይብሎምን ነገር ዘርኢ ምኽንያታዊ መምርሒ ገደብ ምስ ምኽንያቱ ብምቅማጥ ህፃናት ነገራት እንትኽልከሉ ወይ ዝደለይዎ ነገር እንትኽልከሉ ደሕንነት ክስመዖም ምግባር፡፡
- ህፃናት ኣብ ግቡኡነት ባዕሎም ወሳነ ክውስኑ ምግባር ንኣብነት፡- ዝኽደንዎ ክዳን ከመርፁ ዕድል ክወሃቦም ይግበኦም፡፡ ብተወሳኺውን ብህይወቶም ዘድልዮም ነገር ኣብ ከይዲ ምውሳን ክለማመዱ ዝተፈላለዩ ሓላፍነታት ምሃብ የድሊ፡፡ እዚ እንትኾን ኣብ ውሽጦም ዝፍጠር ብዓርሰ ምትእምማንን ስምዒት ሕጉስነት ዝበለፀ ስምዒት ሓላፍነት ይፈጥረሎም፡፡
- ህፃናት ክይደናገሩ ኩሉ ግዘ ዘይቀያየር ቀሊል ደንብታት ምድላው የድሊ፡፡

**መመያየጢ/መሳለጥቲ/**

ወለዲ ወይ ሞግዚታት ህፃናት ግቡእ ባህርይ እንትርእዩዎም ከመስግኑዎም ይግባእ፡፡ ህፃናት ሓደሓደ ነገራት ብፅቡቕ እንትፍፅሙ ወለዶም/መዕበይቶም ኩርዓት ከምዝስመዖም ክፈልጡ ይግባእ፡፡ ወለዲ ወይ ሞግዚታት እንተቅርብዎም፣ እንትሕሓቁፍዎም እንትጣቕዕሎም ወለዲ ምድናቅ ከምዘለዎምን ኩርዓት ከም ዝተስመዖም እንተርእይዎም ህፃናት ይሕጎሱ፤ ወለዲ ንምሕጓስ ምድላው ይገብሩ፡፡ ነቲ ህፃን ምድናቕን ምቕራብን ክገብርሎም ዝግባእ ህፃን ፅቡቕ ባህርይ ዘምርኣየ ምኧኑ ኩሉ ግዘ ጠመተ ምግባር ኣድለዪ እዩ፡፡

## ህፃናት ዓርሰ ምትእምማንን ንባዕሎም ዓብዪ ግምት/ዋገ/ዋጋ ምሃብን ምምዕባል ንኽኽእሉ ወለዲ እንታይ ምግባር ይኽእሉ?

**መመያየጢ:/መሳለጥቲ/**

ወለዲ ወይ ሞግዚታት ህፃናት ዓርሰ ምትእምማን ንባዕሎም ብግቡእ ዓበዪ ቆላሕታ/ግምት ምሃብ ከማዕብሉ ብምሕጋዝ ስምዒት ምርግጋእ ክህልዎም ምግባር ይኽእሉ። ብምቕፃል ወለዲ ወይ ሞግዚታት ህፃናት ዓርሰ ምትእምማን ኣብ መንፈሶም ፅቡቕ ክስመዖም ንምግባር ዝሕግዙ ሜላታት ቀፂሎ ተሓቢሩ እዩ:-

- ወለዲ ወይ ሞግዚታት፣ ህፃናት ስሩዕ ምግቢ፣ ድቃስ፣ ፀወታን ዝመሳሰሉ ከም ዘለዎም ምርግጋፅ ኣለዎም።
- ወለዲ ወይ ሞግዚታት ህፃናት ባዕሎም ዝሕጉስሉን ዝፃወትሉን እኹል ግዘን ፅቡቕ ኣጋጣሚታት ከም ዘለዎም ምርግጋፅ ኣለዎም።
- ወለዲ ወይ ሞግዚታት ህፃናት ካብ ሕንጦይነቶም ጀሚሩ ንዕድመኦም ዝምጥን ዝተፈላለዩ ሓላፍነታተ ክህብዎም ይግባእ። ህፃናት ብደረጃ ዕድመኦም ክሰርሕዎ ትፅቢት ዝግበረሉ ተግባር እንትምኩሩዎ ‹ፅቡቕ **ዝወደይ ! ፅቡቕ ሰሪሕኻ/ሰሪሕኺ።› ‹ብጣዕሚ ፅቡቕ ዝወደይ/ዛጓላይ!።›** ብምባል ከምስግንዎም ይግባእ።እዚውን ብዓርሰ ምትእምማን ክሃንፁ/ከማዕብሉ ይግግዞም።
- ኣባላት ስድራ ኣባፅሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ዋኒናት ሕድሕድ ምይይጥ እንትገብሩ፤ ንደት/ቁጣዐ፤ ፍርሓት፤ፅልኢት ዝገልፅሉ መንገዲ ብርግኣት ብዘይ ምርባሽ ከምኡውን ብተፃባይነት ባህርይ ዘይምኺኑ ምርግጋፅ ይግብኦም።